# WA Notify ናይ ብሕታውነት ፖሊሲ

ናይ ብሕታውነት ፖሊሲ ንናይ ኮቪድ-19 WA Exposure Notifications (ዋሽንግተን ናይ ተቓላዕነት መሐበሪ) ኣፕ ይምልከት። እዚ ብምክትታልን ፍቓድን Washington State Department of Health (ናይ ዋሽንግተን ስተይት ክፍሊ ጥዕና) ዝተሰርሐ ናይ ዋሽንግተን ስተይት ወግዓዊ ናይ መሐበሪ ቴክኖሎጂ እዩ።

## እንታይ ሓበሬታ ንእከብን ንጥቀምን?

ንምስማር ምስ ናይ Google ከምኡ'ውን Apple ዘድሃበ፡ WA Exposure Notifications (ተባሂሉ ዝጽዋዕ WA Notify (ሓበሬታ ዋሽንግተን)) ንምክልኻል ናይ ተጠቃማይ ብሕታውነት ከም ልዑል ቀዳምነት ቆጺሩ ዝተነድፈ እዩ። WA Notify ነዞም ባእታታት ናይ ዳታ ይእክብ፡ እዚ ከኣ ንዓኹም ከለሊ ዝኽእል ዳታ ኣይሕዝን እዩ።

### ናይ ወዝቢ ኮዳት

- ናይ ወዝቢ ኮዳት ኣብ ሞንጎ ምዕቡላት ቴለፎናት ናይ WA Notify ተጠቀምቲ ኣብ ጥቓ ክኾኑ ከለው እዩ ብ መንገዲ Bluetooth ዝለዋወጡ።
- ናይ ወዝቢ ኮዳት ብ WA Notify ዘይኮነ ኣብ ናትኩም ምዕቡላት ቴለፎናት እዮም ዝብገሱን ዝዕቀቡን።
- ናይ ወዝቢ ኮዳት ን WA Notify ከምኡ'ውን ናትኩም ምዕቡላት ቴለፎናትን ንተኽእሎ ተቓላዕነት ናብ ኮቪድ-19 ንምፍታሽ ንምፍቃድ ጥራይ እዮም ዘገልግሉ።
- ናይ ወዝቢ ኮዳት እንተልዓለ ን14 መዓልትታት ጥራይ እዮም ዝዕቀቡ።

### መረጋገጺ መላገቢ

- እንተድኣ ተመርሚርኩም እሞ ኮቪድ-19 እንተሃሊዩኩም ወይ ፖዝቲቭ እንተኾንኩም፡ እሞ ህዝባዊ ጥዕና እንተፈሊጦም፡ ንሳቶም WA Notify ትጥቀሙ እንተሊኹም ክሓትኹም እዮም። እንተደኣ ኮይንኩም፡ መረጋገጺ መላገቢ ክዳልውልኩም እዮም ናብ WA Notify እተእትውዎ።
- ኣብቲ መረጋገጺ መላገቢ ምጥዋቕ ነቲ ናትካ ናይ ወዝቢ ኮዳት ምስ ካልኦት ከምዝመቓርሑ፡ ስለዚ ካልኦት ተጠቀምቲ WA Notify ኣብ ጥቓኻ ዝነበሩ መንነትካ ሓቢኦም፡ ተቓሊያም ክኾኑ ከምዝኽእሉ መጠንቀቕታ ይረኽቡ።
- ነቲ ናይ መረጋገጺ መላገቢ ክትጥውቕ ወይ ከይትትጥውቕ ንስኻ ባዕልኻ ክትውስን ኣለካ፡ ምስ ካልኦት ተጠቀምቲ WA Notify ንኽመቓራሕ።

### ናይ ተጠቃምነት ሎጋት

- ዳርጋ ምስ ዝኾነ ኣፕ ወይ ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ነቲ ኣገልግሎት ክትጥቀሙ ከለኹም WA Notify ቀጥታ ሎጋት የበግስ። እዞም ሎጋት ብዛዕባ ናትኩም ምዕቡላት ቴለፎናት ገለ ሓበሬታ የጠቓልሉ። ነዚ ሓበሬታ ምስ WA Notify ዘሎ ጸገማት ንምፍታሕ ንጥቀመሉ።
- እዞም ሎጋት እዚኣቶም ናይ ወዝቢ ኮዳት ወይከኣ መረጋገጺ መላገቢታት ኣየጠቓልሉን እዮም፡ ከምኡ'ውን ንክልቲኡ ዓይነት ኮድ ናብኹም ወይድማ ናብ ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን ንኸተኣሳስሮም ክጥቀመሉ ኣይኽእልን።
- እዞም ሎጋት ቀጥታ እዮም 14 መዓልትታት ድሕሪ ምጅማሮም ዝድምሰሱ።

### ትንታኔ ዳታ

- ነቲ ተወሳኺ ትንታኔ ከተሰርሕዎ እንተመሪጽኩም፡ ነቲ ኣፕ ንምምሕያሽ ንምሕጋዝ ውሱን ድምር ዳታ ምስ ህዝባዊ ጥዕና ክለዋወጥ እዩ።
- እዚ ዳታ ብዛዕባ እቲ ኣፕ ከመይ እዩ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ንጸብጻብ ወይ ስታትስቲክስ የጠቓልል። ንዓኹም ከለሊ ክገልግል ዝኽእል ዝኾነ ሓበሬታ ኣየጠቓልልን እዩ።
- ኣብ'ቲ ኣፕ ነቲ ናይ ትንታኔ ምሃብ ብምጥፋእ ነዚ ዳታ ንከይትህቡ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።
- WA Notify ብምህንድስናኡ ካብ ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን ናይ ቦታ ዳታ ኣይእክብን እዩ ከምኡ ድማ ንዓኹም ወይ ንምዕብልቲ ቴለፎንኩም ምስ ናይ ወዝቢ ኮዳት ወይ ናይ መረጋገጺ ኮዳት ብምትእስሳር ሓበሬታ ኣይእክብን ወይ ኣይህብን እዩ።

## ናትኩም ሓበሬታ መዓስ ነካፍሎ?

ናብ ናይ መረጋገጺ መላግቦ ክትኣቱ እንተዘይደሊኻ፡ ብዘይ ፍቓድካ ዝኾነ ሓበሬታኻ ኣይንእከብን ወይ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ኣይነካፍልን ኢና። ከምዚ እንተድኣ ጌርኩም WA Notify ናትኩም ናይ ወዝቢ ኮዳት ምስ ካልኦት ኣብ ጥቓ ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን ዝጸንሑ ምዕቡላት ቴለፎናት ክትለዋወጥ እያ። እቲ ናይ መረጋገጺ መላገቢ ተመሊሱ ናባኹም ክተሓሓዝ ኣይክእልን እዩ ብዝኾነ ሰብ ናብ ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን መእተዊ ዘይብሉ።

## ናትኩም ሓበሬታ ከመይ ጌርና ንሕልዎ?

WA Notify ይከላኸል ናይ ወዝቢ ኮዳት ብምጥቃም Google ከምኡ'ውን Apple ናይ Exposure Notification Framework (ናይ ተቓላዕነት መሓበሪ ኣሰራርዓ)፡ እዚ ድማ ብኸመይ ብስውር እተሰፍሮን ከም እተመሓላልፎን ዝገልጽ ኣዝዩ ንጹር ረቛሒታት የጠቓልል። WA Notify ንናትኩም ናይ ወዝቢ ኮዳት ኣይሕዞምን ከምኡ'ውን ኣየበግሶምን- ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን ግን ከምዚ ትገብር እያ።

## ዘለኩም መሰል ኣብ ልዕሊ ናትኩም ሓበሬታ

እቲ ናይ መረጋገጺ መላገቢ ወይ ኣፕ ሎጋት ብዘይ ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን ተመሊሱ ናባኹም ንክተሓሓዝ ዘኽእል መገዲ ስለዘይብልና፡ እንተ ሓቲትኩም ነዚ ሓበሬታ እዚ ብጽኑዕ ክንህበኩም ወይ ክንሰርዞ ኣይንኽእልን ኢና። ንስኹም ኢኹም ንምጥቃም ናይ WA Notify ትቆጻጸርዎ። ናትኩም ምዕብልቲ ቴለፎን ን ናይ ተቓላዕነት መሓበሪ ከተጥፍእዎ ወይ ድማ ኣብ ምዕብልቲ ቴለፎንኩም ተዓቂቡ ዝርከብ ናይ ምቅላዕ ሎግስ ክትድምስስዎ ከተፍቅደልኩም ኣሎዋ። ብተወሳኺ፡ ንስኹም ን WA Notify ኣብ ዝኾነ እዋን ከተውጽእዎ ትኽእሉ ኢኹም። ከምዚ እንተዳኣ ጌርኩም፡ ኩሎም ተዓቂቦም ዘለው ናይ ወዝቢ ኮዳት ክድምሰሱ እዮም።